# ቤት ትምህርታዊ መገዲ ትምህርቲ

## ዝለዓለ ምጽዓር፣ ዝበርሔ ዕዮ ገዛ

ተመሃሮ ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ባህ ኢልዎም ንቤት ትምህርቲ ይኸዱ፣ ምምሃር ይፈትው እዮም ከምኡ ድማ– ምስ ግቡእ ኣዋን ቤት ትምህርቲ ክወዳደሩ ከለው – ንቤት ትምህርቲ ዝለዓለ ጻዕሪ ክርእዩ ይኽእሉ ወይ ድማ ይደልዩ፣ ዝበዝሐ ይመሃሩ። ዕለታዊ ክልተ፣ ምናልባሽ እውን ሰለስተ ሰዓት ሙሉእ ዕዮ ገዛ ምስራሕ ኣይርብሾምን እዩ። ናብ ጊምናዝየም ወይ ድማ ናብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዓውደ ሙያ ምእንቲ ክኣትዉ፣ ኣብቲ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ ከለው ጀሚሮም እውን ንፉዓት ተመሃሮ እዮም። ኣብ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ክብ ዝበለ ጻዕሪ ዘድልዮ ትምህርቲ ይመሃሩ፣ ጽቡቕ ነጥቢ ኣለዎም – እንተ ወሓደ 4.5 – ንብዙሓት ዓውደ ትምህርትን ሰፊሕ ንዝኾነ ድልየትን።

## ኣብ ቤት ትምህርቲ ነቲ ቀጻሊ ትምህርቲ ምቕጻል እንታይ እዩ ጥቕሙ፧

- ባህ እንዳበለኩም ኢኹም ንቤት ትምህርቲ ትኸዱ ከምኡውን ብዙሕ ክትመሃሩ ትደልዩ።
- ዕለታዊ ምስ መሳቱኹም ምርኻብ ትፈትዉ ኢኹም።
- ንዝተፈላለያ ኣርእስታትን ዓውደ ትምህርታትን ድልየት ኣለኩም፣ ንሓደ ነገር ድማ ካብ መሰረቱ ክትፈልጡ ትደልይ （ኣጥሊቕካ ምምሃር）.
- ኣብዘን ዝቕጽላ ዘለዋ ዓመታት፣ ካብቲ ኣብ ግቡእ እዋን ቤት ትምህርቲ ትሰርሕዎ ዝነበርኩም ንላዕሊ ንምስራሕ ቅርብ ኢኹም።
- ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ዝቡቕ መሰረት ክኾኖ ዝኽእል፣ ንጹር ዝኾነ ዕላማ ሙያ ኣለኩም።
- እስኩም ሕጂ ኣብ ቤት ትምህርቲ ንፉዕ ኢኹም ከምኡ ድማ ኣብቲ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ነቲ ክብ ዝበለ ጻዕሪ ዘድልዮ ትምህርቲ ኢኹም ትከታተሉ ዘለኹም፣ ልዕል ዝበለ ደረጃ፣ ማእከላይ ነጥብኹም ድማ ጽቡቕ እዩ።
- መማህራንኩም ጊምናዝየም ወይ ድማ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ንምፍጻም ብቕዓት ኣለኩም ኢሎም እኣምኑ እዮም።

## ማይጣን ፈተናታትን ናይ ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ከም ደገፍ

ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ውሳነ ክትገብሩ ከለኹም ትድግፈኩም እያ። እሳ ቀጻሊ ቤት ትምህርቲ ክትደልዩ ከለኹም ወይ ድማ ንማእከላይ መፍትሒ ደገፍ ትህበኩም እያ። ብውልቅኹም ምስኦም ምእንቲ ኽትማየጡ ኣብቲ ናይ ከባቢኹም ማእከል ኣማኸርቲ ሙያ ወይ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሕተቱ። ኣብዚ ድልየትኩምን ክእለትኩምን ኣነጽርኩም ከተረጋግጹ ትኽእሉ፣ ድልየትኩም እንተ ኾይኑ ብፈተና። ምስ ኣማኻሪት ወይ ኣማኻሪ ሙያ ብዛዕባ ውሳነኹም ክትማየጡ ትኽእሉ፣ ንኣማራጺ ኣብ ግምት ተእትዉ፣ ናይ መመልከቲ ምጽሓፍ ምኽሪ ትረኽቡ ከምኡ ድማ ነቲ ዝቕጽል ስጉምቲ ትምድቡ።

## ዝሰማማዕ ቤት ትምህርቲ ምርካብ

ንቤት ትምህርታዊ ዝኮነ ዝተፈላለየ ቀረብ ትምህርቲ ትምህርቲ ኣብ ኩለን ካንቶናት ኣሎ። ኣብ ኣኼባታት ሓበሬታ ወይ ድማ ኣብቲ መዓልቲ ክፉት ማዕጾ፣ እቲ ኣስተምህሮ፣ ስምዒትን መማህርትን ክምቲ እስኹም ትጽበይዎ ዓይነት እንተኾይኑ ክትፈልጡ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣብ መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር ኣተዓባብያን ትምህርትን ካንቶንኩም （ኣብዚ ርኣዩ www.edk.ch/dyn/13446.php） እተን ቀጸልቲ ቤት ትምህርታት ብዙሕ ጊዜ „ማእከላይ ቤት ትምህርታት“ ተባሂለን እየን ዝጥቀሳ።

ድሕሪ ምእከላይ ካልኣይ ደረጃ እዘን ዝቅጽላ ትምህርታት ኣብ ቤት ትምህርቲ ክፍጸማ ይኽእላ እየን፡

### ጊምናዝየም

ኣብ ጊምናዝየም ብዙሓት ግቡኣት ዝኾና መሰረታዊያን ዓውደ ትምህርታት ትምሃሩ። ኣብ ልዕሊኡ እውን ተወሰኽትን ቀንዲ ዝኾና ዓውደ ትምህርታትን ኣለዋ። በቲ ቀንዲ ዓውደ ትምህርቲ ብሓደ ሽነኽ ነቲ ፕሮፊልኩም እውን ትመርጹ ኢኹም፣ እዚ ማለት ድማ ኣብ ጊምናዝየም ምናልባሽ እውን ድሕሪኡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ነቲ ዋና መዳይ ናይ ትህምርቲ ድልየትኩም መገዲ ትጸርጉ ማለት እዩ።

ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ኣካል ስዊዘርላንድ ካብ እተን ብዙሓት ቀረባት ንፕሮፊልኩም ዝሰማማዕ ትመርጹ። ጊምናዝየም ክትመርጹ ከለኹም፣ ኣየናይ ቀረብ ናይ ማትሪክ ፕሮፊል ከም ዘሎ ኣስተውዑሉ፡ ንሓደ ናይ ማትሪክ ፕሮፊል ክትምዝገቡ ኣለኩም።

ካብቲ መርበብ ሓበሬታ ናይ ምምሕዳር ኣተዓባብያን ትምህርትን ካንቶንኩም ሓበሬታ ብዛዕባ ናይ ማትሪክ ሞዴላት ርኸቡ ከምኡ ድማ ኣብተን ኣኼባታት ሓበሬታ ተሳተፉ።

### ማኣከላይ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ (FMS)

ማእከላይ ቤት ትምህርታት ዓውደ ትምህርቲ በዳሂ ንዝኾና ንምሳለ ከምዘን ዝቕጽላ መዳያት ሙያ ጽቡቕ መሰረት ዝህባ እየን

- ጥዕና/ሳይንስ
- መራኸቢ/ሜዲያ
- ስነ ምምህርና
- ማሕበራዊ ስራሕ
- ምቅንባር/ስነጥበብ
- ሙዚቃ/ትያትር/ሳዕሰኢት

ብዛዕባ ኣብ ካንቶንኩም ዘሎ ፍሉይ ሙያታት ኣብ መርበር ሓበሬታ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን ርኸቡ ከምኡ ድማ ኣብ ከምኡን ዝኣመሰላ ኣኼባታት ተሳተፉ።

### ናይ ሙሉእ እዋን ቤት ትምህርቲ ምስ ትምህርቲ ሙያ (EFZ)

ምናዳ ኣብተን ጥልያንን ፈረንሳይኛ ዝዝረበን ክፍልታት ስዊዘርላንድ ሙያታት ኣብ ናይ ሙሉእ እዋን ኒርት ትምህርቲ ምምሃር ይከኣል እዩ። ኣብቲ ጀርመንኛ ዝዝረቦ ክፍሊ ስዊዘርላንድ እዚ ኣብ ትምህርቲ ሙያታት ሸቐጥን ኢንፎርማቲክን ዝተወሰነ እዩ።

## ኣብ ቀጸልቲ ቤት ትምህርታት ምእታው

ናብ እተን ቀጸልቲ ቤት ትምህርታት ምስጋር ከከም ካንቶኑ ዝተፈላለየ እዩ። ንጹር ዝኾነ ሓበሬታ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን ካንቶንኩም ወይ ድማ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ዝተፈላለያ ቤት ትምህርታት ትረኽቡ። መማህራን ክፍሊኩምን ማእከላይ ኣማኸርቲ ሙያን እውን ኣነጺሮም ክሕብሩኹም ይኽእሉ እዮም።

## ውልቃዊ ምቅርራብ

ኣብ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ክኣትው ዝሓስቡ ተመሃሮ ኣብ ካልኣይ ክፍሊ ማእከላይ ካልኣይ ደረጃ ነዚ ምስግጋር ይቕረብሉ እዮም። ነዚ መሰረት ዝኸውን ምናዳ ኣብተን ዋናታት ዓውደ ትምህርታት ጽቡቕ ነጥቢ እዩ።

ኣብቲ ናይ መእተዊ ፈተና ክሕለፍ ዘለዎ፣ ብዙሓት መምሃራን ንተማሃሮኦም ቅድሚ ሕጂ ዝነበረ ናይ መእተዊ ፈተናተት ንመቀራረቢ ክኾኖም ይህቡ እዮም። ኣብ መርበብ ሓበሬታት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ካንቶንኩም ወይ ድማ ምምሕዳር ትምህርትን/ ኣተዓባብያን እውን ከምኡታት ክትረክቡ ትኽእሉ።

ኣብ ብዙሓት ማሕበር ዓድታት ዘለዋ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርታት፣ ካብ እዋን ትምህርቲ ወጻኢ፣ ገንዘብ ዘይክፈሎ ከምዚ ዓይነት መቀራረቢ ኮርሳት የካይዳ እየን። ናይ ክፍሊ መምሃራን ብዛዕብኡ ይፈልጡ እዮም።

ብዙሓት ሸቀጥቲ ኢንስቱታት እውን እንተኾና ናይ ፈተና መቀራረቢ ይቕርባ እየን።

## እዋን ተልመዴን

ኣብ ብዙሓት ካንቶናት ተመሃሮ ኣብ ሓደ ሓደ ጊምናዝየም ድሕሪ ምእታዎም፣ ድሕሪ 3-4 ዓመት ንዘሎ ፈተና ማትሪክ ምእንቲ ክፍቀደሎም፣ ነቲ እዋን ተሞክሮ （2 ክሳብ 3 ወርሒ ውይ ሓደ ወቕተ ትምህርቲ） ሓደ ሓደ እዋን ከኣ ኣብ መወዳእታ ዓመት ትምህርቲ ነቲ መስገሪ ደረጃ ክሓልፉ ኣለዎም።